ናብ ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ብደሓን ምጻእ!

ኩለን ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ሓደስቲ ኣባላት ይደልያ እየን፣ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ከኣ ብዛዕባ ምረሻ ባንድ ተወሳኺ ኣፍልጦ ክትቐስም ትኽእል ኢኻ፣ ከምኡውን ንዓኻ፣ንውላድካ ወይ ካልኦት ትፈልጦም ዝኾነ እንተኾይኑ ትርእዮ።



VIDAR ALVIK

NMF
NORGES MUSIKKORPS FORBUND



KRISTINE MELLEFOSS

ኣብ ምረሻ ባንድ ሙዚቃ ምጽዋት ምሉእ ሂወትካ ክትገብሮ ትኽእል ዓይነት ንጥፈት እዩ። ኣብዚ ኸኣ ሓደስቲ ኣዕሩኽን መሓዙትን ትላለ ኣብ ልምምድ ሰሙናዊ ትረኽቦም። ብሓባር ኮይንኩም ንኮንሰርታትን ዓበይቲ ሙዚቃዊ ተመኩሮታትን ትዳለዉሉን ትለማመዱሉን። ኣብ ምረሻ ባንድ ኣከባቢኻ ውሑስ ንኽኾውን እጃምካ ተበርክት፣ ከምኡውን ትመሃር፣ ምልከት ይስመዓካ፣ ምሕዝነት ተጥሪን ናተይ ትብሉ ዓውዲ ትረክብ።

ኣብ ኖርወይ 1600 ምረሻ ባንድታት ኣለዋ ልዕሊ 60 000 ሰባት ዝጸወቱለንን ዝለማመዱለንን። ንኹሉ ሰብ ዝኾነ ምረሻ ባንድ ኣሎ፣ ዕድመ፣ጾታን ደረጃ ብቕዓትን ብዘየገድስ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ምረሻ ባንድታት ኩሎም ተማሃሮ ኣብ ኣስታት ክሊ ዕድመ 7-19 ዓመት ዘለዉ ክሳተፉዎ ይኽእሉ፣ ምረሻ ባንድ ዓበይቲ ከኣ መንእሰያትን ዓበይትን ክሳተፉሉ ይኽእሉ። እዚ ምረሻ ባንድ ዝተፈላለዩ መሳርያ ሙዚቃ ክህልዎ ይኽእል፣ ገሊኣን ምረሻ ባንድታት ናተን ልምምድ ዘካይዳ ጋንታታት ኣለወን።

VIDAR ALVIK

VIDAR ALVIK







ምረሻ ባንድ ምስታፍ እንታይ እዩ ጥቕሙ፡

ሙዚቃን ምምሃርን

ኣብ ምረሻ ባንድ ሓደ መሳርያ ሙዚቃ ምጽዋት ትመሃር ወይ ምስ ካልኦት ብሓባር ምጽዋት ትላመድ። ኣባላት ኣብ ሰሙን ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ብምርኻብ ምስ ዓለሚ ወይ መራሒ ሙዚቃ ብሓባር ይለማመዱ። ከም ተወሳኺ ሙዚቀኛታት ምረሻ ባንድ ቤት ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሶም መምህር መሳርያ-ሙዚቃ ይግበረሎም፣ ምእንታን ነቲ መሳርያ ሙዚቃ ጽቡቕ ጌሮም ክመልኩዎ። ኣብ ምረሻ ባንድ ኩሎም ኣባላት እዮም ኣገዳስነት ዘለዎም፣ ኣባላት ከኣ ምስ ደረጅኦም ዝኸይድ በዳሂ ዕማማት ይወሃቦም።



ውሑስን ጽቡቕን ሃዋሁው ኣብ ትርፊ ግዜ

ቆልዑ፣ንኣሽቱን ዓበይትን ኣብ ትርፊ ግዜኦም ኣብ ጽቡቕ ተመኩሮታትን ትርጉም ሓዘል ንጥፈታትን ምስታፍ የድልዮም እዩ፣

- ሓደ መሳርያ ሙዚቃ ከመይ ጌርካ ከምትጻወት ትመሃር ወይ ምስ ካልኦት ሓባራዊ ልምምድ ተካይድ።
- ኣብ ኩሉ ዕድመታትን ጾታታትን ኣዕሩኽን መሓዙትን ትረክብ። ኣብ ከባቢኻ ዝቕመጡ ንኣሽቱን ዓበይትን ትላለ።
- ምስ ካልኦት ምትሕብባርን ንካልኦት ምሕላይን ትመሃር።
- ኣብ ደስታ ዝመልኡ ኮንሰርታት፣ ሰሚናራት ቀዳመ ሰንበትን ዑደት ምረሻ ባንድን ትሳተፍ።

ኩሎም ዓበይቲ ኣብ ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ምስ ቆልዑ ዝሰርሑ ካብ ፖሊስ ታሪኻዊ ገበን ዘረጋግጽ ወረቐት የረክቡ እዮም።

ምረሻ ባንድ ምስታፍ እንታይ እዩ ጥቕሙ፡



ተራ ዓበይቲ ኣብ ምረሻ ባንድ

ምረሻ ባንድ ወለንታዊ ውድባት ኮይኑ ብኣባላተንን ኣለይቶምን እዩ ዝካየድ። ኩለን ምረሻ ባንድ ሸማግለ ኣለወን፣ ንጥፈታት ኣብ ምውዳብን ንምሕደራ ገንዘብ ምእካብን ሓላፍነት ዝስከም። ከም ተወሳኺ ከኣ ኩላቶም ብዝተፈላለየ ግብራዊ ዕማማት ከበርክቱ ይኽእሉ። ። ነቲ ምረሻ ባንድ ወለንታዊ ስራሕ ምስራሕ ``ዱግናድ``(ማእቶት) ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ከባቢኻ ወይ ገዛውትኻ ኾነ ነዚ ይምጉሱዎ እዮም። ምስ ካልኦት ወለዲን ቆልዑን ጽቡቕ መላለዩ ዕድል ይኾነ፣ ኩሉ ሰብ ንሕብረተሰብን ሓባራዊ ተመኮሮታትን እጃሙ እንዳኣበርከተ።







ኣቕሓን መሳርያን

ኣብ ምረሻ ባንድ ቤት ትምህርቲ ዘድልየካ መሳርያን ካልእ ኣቕሓን ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ። ሰሙናዊ ከኣ መምሃራን ሙዚቃ ወይ መምሃራን ልምምድ፣ ከምኡውን መራሕቲ ሙዚቃ ስልጠና ይህቡ።

ምረሻ ባንድ ንመራሒ ባንድ፣ ዓለምቲን መሳርያን ክኸፍል ገንዘብ የድልዮ እዩ። ስለዚ ብጀካ እቲ ነቲ ምረሻ ባንድ ዝስራሕ ወለንታዊ ስራሕ፣ ኩሎም ኣባላት ክፍሊት-ኣባልነት ይኸፍሉ እዮም። ኣብ ብዙሕ ኮሙነታት ንዘድልየን ስድራቤታት ነዚ ክፍሊት-ኣባልነት ይሸፍኑለን እዮም ።



I ♥ KORPS

ንስኻ ወይ ደቅኻ ኣብ ምረሻ ባንድ ክጅምሩ ድሌት ኣለካ ወይ ኣለዎም፡ ንኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ምረሻ ባንድ፣ቤት ትምህርቲ ወይ ማሕበር ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ኖርወይ ተወከሶም።

ኣብዚ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ምረሻ ባንድ ሓበሬታ ትረክብ፣

Fredrikstad Janitsjarskole

email: fredrikstadjanitsjarskole@outlook.com

www.facebook.com/fjskole

NMF | NORGES MUSIKKORPS FORBUND

ማሕበር ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ኖርወይ (NMF) ኣብዚ ሃገር ካብ ዘለዋ ውድባት ንጥፈታት ትርፊ ግዜ ሓንቲ ካብተን ዝዓበያ እያ። ብመገዲ ማሕበር ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ኖርወይ ኣባላት ምረሻ ባንድ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክሳተፉ ይኽእሉ፣ ከም ስልጠና ሳመር ወይ ውድድራት ምረሻ ባንድ። ማሕበር ሙዚቃ ምረሻ ባንድ ኖርወይ ኩለን ምረሻ ባንድ ኣብ መዓልቲ ሂወተን ብዝተኻእለ መጠን ዝበለጸ ሃዋሁው ንኽፈጥረለን እዩ ዝሰርሕ።

ወብሳይት: musikkorps.no
ኢመይል: post@musikkorps.no